# ብትራነክሳም ኣሲድ (ሳይክሎካፕሮን) ዝተደገፈ ናይ ኣካል ከባብያዊ ፍወሳ

ብመንገዲ ደም ዘቕጥኑ መድሃኒት ትእለዩ ማለት ትሕከሙ ምስ ትህልዉ እሞ ነቲ ደም ምፍሳስ ንምቕናስ ድሕሪ እቲ ሕክምና ትራኔክሳሚክ ኣሲድ (ሳይክሎካፐሮን) ንከባብያዊ መሕከሚ ማለት ናይታ ትሕከማ ዘለኻ ቁስሊ ዘሎ ከባቢ መሕከሚ ዝኸውን ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ።

## ትራኔክሳሚክ ኣሲድ

ድሕሪ እቲ ናይ ስኒ ሕክምና መስርሕ ብሕውስዋስ ናይ ትራነክሳሚክ ኣሲድ (ሳይክሎካፕሮን) ዝጠልቀየ ኮምፕረስ ብምንካስ እቲ ናይ ደም ናይ ምርጋእ ተኽእሎ ኣብ ናይ ኣስናን መንጋጋ ከባቢ ይውሰኽ። እዚ ማለት ኣብ ካልእ ከባቢ ናይ ኣካላት ደም ናይ ምርጋእ ጸገም ወይ ስክፍታ ከይፈጠረ ይትግበር ማለት እዩ።

## ቅድሚ እቲ ኣገባብ

ብዋርፋሪን (ዋራን) ትሕከም ምስ ትህሉ ሓድሽ PK(INR) ክትረክብ ይግብኣካ እዩ። እቲ መርመራ ቅድሚ እቲ ናይ ሕክምና ኣገባብ ዝግበረላ ዘላ መዓልቲ ወይ ድማ ኣብታ መዓልቲ ሕክምና ዘላ ንግሆ እዩ ዝውሰድ።

## ድሕሪ እቲ ኣገባብ ቁሩብ ምድማይ ምስ ዝህሉ፡

- ኣብ ግዜ እቲ ሕክምና (ብልሙድ ካብ 1-2 ሳምንታት ድሕሪ እቲ ኣገባብ) ኣብ ዘሎ ግዜ በቲ ዝተሓከመ ሸነኽ ዘይምሕያኽን ብራሽ ዘይምጥቃምን።
- መቐነሲ ቃንዛ እንተድኣ ደሊኻ፡ ኣየናይ እዩ ንዓኻ ዝምጥን ንሓኪም ስንኻ ሕተቶ።
- ኣብ ሳይክሎካፕሮን ፈሳሲ ጽማቕ ኣብ 10 ሚሊ ሊትር (2 ማንካ ሻሂ) ማይ ሓውሶ። ንሓደ ኮምፕረስ ኣብቲ ሕውስዋስ ፈሳሲ ኣጥሊቕካ ነቲ ኮምፕረስ ኣብቲ ዝተሓከመ ቦታ ኣቐሚጥካ ን30-60 ደቓይቕ ንኸሶ። እዚ ኣድላዪ እንተኾይኑ ድሕሪ እቲ መስርሕ ን1-3 መዓልታት ኣብ መዓልቲ 3-4 ግዜ ክድገም ይኽእል እዩ፣ ብመሰረት መምርሒ ሓኪም ስኒ ማለት እዩ።
- እዚ እንተዘይሓጊዙ ነቲ ሓኪም ስንኻ ረኺብካ ኣዘራርቦ። እቲ ሕክምና ስኒ ዕጹው ምስ ዝኸውን ናብ ክፍሊ ሓበሬታ ክንክን ጥዕና ብቝጽሪ ስልኪ 1177 ደውሉ።

## ሕቶታት ኣለዉኻ ድዩም?

ነቲ ሓኪም ስንኻ ኣዘራርቦ

ሓኪም ስኒ: ..............................................................................

ቴለፎን: .....................................................................